ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ጥላሁን ይግዛዉ ንስልጠና ግልጋሎት ዝዉዕል ፅሕፈት መሳርሒ ፣ ህንፃ መሳርሒ : ኣቅሑት ኤሌክትሪክ : ኣቅሑት ኤሌክትሮኒክስ : ብሉኬትን ጡብን ብጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ፤

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ የካቲት 27, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 13, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:25.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 13, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ናይ 2011 ዓ/ም ዝተሐደሰ ፍቃድ ንግድን መቅረባይነትን ወረቀት ምስክር ዘለኩም፤

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቑፅሪ ወረቀት ምስክር ዘለኩም፤

3 ኣብ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝተመዝገብኩምሉ ወረቀት ምስክር ናይ ወርሒ ጥሪ ወርሓዊ ድክሌር ዝገበርኹም መረዳእታን እተቕርቡ::

4 መቅረባይ ሰዓራይ ምካኑ ምስተነገሮ ድሕሪ 3ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ዉዕሊ ኣሲሩ ዘሸነፎ ንብረት ንብረት ብናይ ባዕሉ ትራንስፖርት ከቕርብ ዝኽእል::

6 መወዳደሪ ደኩመንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ኣብ ነብሰ ወክፍ ገፅ ሰነድ ጨረታ ናይቲ መቅረባይ ትካል ሸምን ማህተምን ፊርማን ክህልዎ ብምግባር ምቅራብ ዝክእል::

7 ንሕድሕድ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 25.00 ቅርሺ እናኸፈልኩም ካብ ጥላሁን ይግዛዉ ቴክኒክን ሞያን ኮሌጅ ደ /ከ /ስ / ዕ ፋ/ንብረት /ምም/ር ቢሮ ቁፅሪ 2 ብምዉሳድ ነዚ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንዱቅ ብሸምዒ ዝተኣሸገ ፖስታ ካብ 26/06/2011ዓ/ም ክሳብ 12/07/2011 ዓ/ም ምእታዉ ትክእሉ፤

8 ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 13/07/2011 ዓ/ም ሰዓት 3:30 ኮይኑ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት ንሱ ሰዓት 4:00 ይክፈት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ብዘይ ምቅራቦም ምክፋት ጨረታ ኣይተዓናቀፍን ወይ እዉን ከይተከፈተ ዝምለስ ሰነድ ጨረታ ኣይህልዉን፤

9 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ እዋን ጨረታ ካብ ዝተከፈተሉ ኣብ ዘለዉ 30 መዓልቲ ይከዉን፤

10 ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ንነብሰወከፍ መከበሪ ጨረታ ሰነድ ጨረታ ዝምለስ 3000.00 ቅርሺ ብጥረ ገንዝብ ወይ ከዓ ካብ ብሔራዊ ባንኪ ኢትዩጵያ ኣፍለጦ ዝተዉሃቦ ባንኪ ብዝትረጋገፀ ስፒኦ አቀዲሙ ከትሕዝ ዝክእል፤

11 ኮሌጅና ኣብ ሕድሕድ በዝሒ ንብረት 20 ምእታዊ ምዉሳክ ወይ ምቅናስ ይክእል፤

12 ኮሌጅና ነቲ ጨረታ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ፤
ንተወሳኪ ሐበሬታ ስልኪ 034 7-77 1828 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle